ትካልና መስፍን ብረታ ብረትና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ዝተፈላልዩ ዓቐን ዘለዎ ሓፃውን ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለዝደለየ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 4, 2018 ( ቅድሚ 4 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 19, 2018 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1500000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሕዳር 19, 2018 08:30 ደ/ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ብረታ ብረትና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ዝተፈላልዩ ዓቐን ዘለዎ ሓፃውን ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ንብረታት ተወዳደርቲ ክትሳተፉ ኩባንያና ይዕድም ::

| ተ.ቁ | ኮድ | ዓይነት ንብረት | መዐቀኒ | ብዝሒ | ነፃላ ዋጋ ቅድሚ ቫት | ጠቕላላ ዋጋ ቅድሚ ቫት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 1-11-002-00202133 | Flat Bar 12000x180x16mm, St-52 | ብቑፅሪ | 616 | | |
| 2 | 1-11-009-00904333 | Steel Plate, Chequered 3250×1500×5+2, St-37 | ብቑፅሪ | 400 | | |
| 3 | 1-11-005-00504024 | Pipe, Galvanized 2.5"x6000mm, Class-B | ብቑፅሪ | 100 | | |
| 4 | 1-11-009-00911030 | Steel Plate 6000x2000x14mm, MS (ASTM A-36) | ብቑፅሪ | 43 | | |
| 5 | 1-11-009-00911039 | Steel Plate 6000x2500x20mm ASTM A-36 | ብቑፅሪ | 58 | | |
| 6 | 1-11-009-00911090 | Steel Plate 12000×2000x16mm,(ASTM A-36) | ብቑፅሪ | 40 | | |
| 7 | 1-11-002-00202095 | Flat Bar 9000x180x12mm | ብቑፅሪ | 200 | | |
| 8 | 1-11-005-00515001 | Steel Pip Schedule 40, DN32, L=6000mm, (ASTM A-53) | ብቑፅሪ | 300 | | |
| 9 | 1-11-005-00504203 | Pipe , steel 50x2x600mm, St-37 | ብቑፅሪ | 500 | | |
| | | | | ድምር | | |
| | | | | ቫት 15% | | |
| | | | | ጠ/ድምር | | |

ናይ ጨረታ ዝድለዩ ረቛሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2018 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቕርብ ዝኽእል 2.ተጫረቲ ንጨረታ ዝቐረበ ንብረት ካብ ዕለት 13/11/2025 ኤ.ፈ ክሳብ ዕለት 27/11/2025 አፈ ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ንጎሆ ካብ ሰዓት 2:00-6:00 ድሕሪ ሰዓት ድማ ካብ ሰዓት 7:30-10:30 ክሪኡ ይኽእሉ።

3. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቃድን፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ግብ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቐትን ተወሳኺ እሴት ታክስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተመዝጋቢ ምኺኖም ዝገልፅን ናይ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ/ም ቫት ዝኸፈለሉ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 13/11/2025-27/11/2025 ብኣቆፃፅራ ኣዉሮፓ ብር 300 ብምኽፋል ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት ኣብ መስፍን ብረታብረትና ኢንጂነሪንግ ቤት ፅሕፈት መቐለ ዋና ቢሮ ካብ ኮርፖሬት ሳፕላይ መምርሒ ክወስዱ ይኽእሉ።

4. ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻል ሰነድ በብናይ ባዕሉ ብዝተአሸገ ፖስታ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀምሩ ክሳብ ዕለት 28/11/2025 ሰዓት 8:00 ድሕሪ ሰዓ አብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ኮርፖሬት ሳፕላይ መምርሒ ነዚ ተብሂሉ ዝተዳለወ ሳጥን ክእትው አለዎም።

5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦ(CPO) 1,500,000.00 (ብር ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚእቲ ሺሕ ጥራሕ) ጨረታ ከእትው ይግባእ። ጥረ ገንዘብን ብፖስታ ዘይተዓሸገ ንበይኑ ብዝተኣሸገ ፖስታ CPO ተቐባልነት የብሉን።

6. ጨረታ ዕለት 28/11/2025 ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 8:30 ናይ ድሕሪ ሰዓት ተጫረቲ ወይም ወከልቶም ኣብ ለውዎ ይኽፈት። ሰነዶም ዝተማለአ እንተኾይኑ ተጫራታይ/ተወካሊ/ አብዘይብሉ ዝኽፈት ይኸውን

7. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ከምኡ'ውን ተጫሪቶም ዝሳዓርዎ ንብረት ንኻሊእ ሳልሳይ ወገን ምሕላፍ ኣይካኣልን። ጨረታ ዶክመንት ማህተምን ፊርማን ናይ ተጫራታይ ክዓርፎ ኣለዎ ። አብ ጨረታ ሳንዱቕ ዝእተወ ፖስታ ናይ ይመለሰለይ ሕቶ ብምንም መልክዑ ተቐባልነት የብሉን።

8. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምኺኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይ ተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከም ዘይሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ ።

9. ተጫረቲ ንሕድሕድ ኣቕሓ ነፀላ ዋጋን ንጎኒ ድማ ናይ ሕድሕድ ኣቕሓ ጠቕላላ ዋጋ ከርእዩ ዝግባእ እንትኾን ናይ ድምርን ስልሒትን ጌጋታት እንተሃልዩ ተጫራታይ ሓላፊነት ይወስድ፣ ትካልና ናይ ተጫራታይ ስልሒት ጌጋታት ናይ ምእራም ሓላፍነት አይወስድን።

10. ሰዓሪ ተጫራቲ ጨረታ ምስዓሩ ምስ ተነገሮ አብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውዕሊ ክእስርን ዝሰዓሮ ንብረት ብውዕሊ መሰረት ሙሉእ ክፍሊት ፈፂሙ ጠቕሊሉ ንብረት አብ ውሽጢ ናይ ስራሕ መዓልቲ ከልዕል አለዎ። እንተዘይኮይኑ ግና ንመኽበሪ ጨረታ ዘትሓዞ ሲፒኦ ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወስድ።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዚ ጨረታ ዝተትሓሓዙ ኩሉ ዓይነት ወፃኢ ማለት ናይ ሰብ ሓይሊ፣ ናይ ማሽን፣ ናይ ትራንስፖርት --- ወዘተ ኩሉ ባዕሉ ክኸፍል ይግባእ።

12. ትካልና ምስዚ ጨረታ ዝተትሓሓዘ ምንም ዓይነት ናይ ሰዓሪ ተጫራቲ ወፃኢታት አይሸፍንን። ትካልና ዝሓሸ አማራፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

13. ንዝበለፀ ሓበሬታ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ስልኪ ቁፅርታት ምሕታት ይካኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle